# ፃወዒት ፅሑፋት ምርምር

# ሻድሻይ ሃገራዊ ሲምፖዝየም ቋንቋታት ትግራይ

ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ፥ ካብ መጋቢት 20-22 /2011 ዓ.ም. ፮ይ ሃገራዊ ሲምፖዝየም ቋንቋታት ትግራይ ከካይድ እዩ። ተመራመርቲ፥ ኣብዚ ሲምፖዝየም ዝቐረቡ ዛዕባታት ምርምር መፅናዕታዊ ፅሑፎም ከቕርቡ ይዕድም።

## ፩. ዛዕባታት ምርምር (Research Agenda)

### ፩.፩. ስነ-ልሳን፤

ፀገማት ኣጠቓቕማ ስዋሰው ቋንቋታት ትግራይ

ተፍትሽ መዛግብተ ቃላት ቋንቋታት ትግራይ

ኣጠቓቕማ ቋንቋ ኣብ መራኸቢ ሓፋሽ ትግራይ

ኣፍ እንዳታት (dialects) ትግርኛ ምእኹል ቋንቋ ኣብ ምፍጣር ዘለዎም እጃም

ኣጠቓቕማ ቋንቋ ጋዜጣታትን መፅሄታትን ትግርኛ

ዝምድናታት ቋንቋን ማሕበረሰብን

ቋንቋታት ትግራይን ስነ-ልቦና ተጋሩን

ቋንቋታት ትግራይን ቴክኖሎጅን

ስርዓት ስነ-ድምፂ ቋንቋታት ትግራይ

### ፩.፪. ምምሃር ምስትምሃር፤

ገምጋም መምህሪ-መስተምህሪ መፃሕፍቲ ቋንቋታት ትግራይ

ከይዲ ሕትመት መፃሕፍቲ ትግርኛ ንህፃናት ኣብ ምምዕባል ባህሊ ንባብን ፅሒፈትን

ፀጋታትን ፀገማትን ትግበራ ምምሃር ምስትምሃር ቋንቋ ኣደ (Mother Tongue Education) ኣብ ቋንቋታት ትግራይ

ኣጠቓቕማ ቋንቋታት ትግራይ ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ከይዲ ካብ ኣፀደ ህፃናት ክሳብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ

### ፩.፫. ስነ-ፅሑፍ ፤

ኣበርክቶ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ኣብ ምዕባለ ስነ-ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይ (ሳሆን ትግርኛን)

ታሪኻዊ ምዕባለ ስነ- ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይ

ሂሳዊ ገምጋም ስነ-ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይ

ዝምድና ስነ-ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይን ስነ-ፅሑፍ ግእዝን

ሂሳዊ ገምጋም መፃሕፍቲ ግእዝ

ሂሳዊ ገምጋም ስነ-ፅሑፍ ቋንቋታት ትግራይ

ሂሳዊ ገምጋም ውፅኢት ኪነ-ጥበብን ስነ -ጥበብን

ኣጠቓቕማ ቋንቋ ደረስቲ ትግራይ

### ፩.፬. ስነ-ቃል፤

ስነ- ቃላት ትግራይ፡- ብመንፀር ማሕበራዊ ርክባት ተጋሩ፥ ቍጠባዊ ትሕዝቶ፣ ሰናድነት ታሪኽ፣ ፍልስፍና ተጋሩን ዝሓዙዎም እንደምታትን ኣመራትን ምዕባለን ብደሆታት ባህልታትን ቋንቋታትን ትግራይ

## ፪. መረከቢ ጊዜ፥

ሀ. ተመራመርቲ ካብ 200 ቃላት ዘይበዝሕ ማራ መፅናዕቶም (Abstracts) ክሳብ ለካቲት 5/2011 ዓ.ም. ብ tigrailanguageesacademy@gmail.com ዝብል ኢ-መይል ኣድራሻና ይልእኹ።

ለ. ተቐባልነት ዝረኸቡ መፅናዕት ወይ ምርምራት ብሃርድ ኮፕን ሶፍት ኮፕን ክሳብ መጋቢት 15/2011 ዓ.ም. ናብ ቤት ፅሕፈት ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ኣታዊ ይገብሩ።

## ፫. ክፍሊት፥ ኣካዳሚ ቋንቋታት ትግራይ ተቐባልነት ዝረኸቡ መፅናዕትታት ወይ ምርምራት ዋንነት ናብ ኢዱ ኣእቲዉ ንተመራመርቲ ተመጣጣኒ ክፍሊት ይኸፍል።

**መዘኻኸሪ፥** ዝለኣኹ መፅናዕታውያን ፅሑፋት ቅድም ክብል ኣብ ዝኾነ ይኹን መድረኽ ዘይቐረቡን ኣብ መፅሄታት ምርምር ዘይተሓተሙን ክኾኑ ይግባእ።

**ንተወሳኺ ሓበሬታ፥** ቍፅርታት ስልኪ +0914735401

+251962659494